# *ጻዕዳ ይጽናሕኪ፡ መሓዛይ ኣድሓነት*

ግደይ ተወልደመድህን - ለንደን - 17-04-2005



ሓደን ክልተን ክንደይ ኢለ ክቖጽሮ
ቅያዊ ታሪኽ ብኽመይ ክድምሮ
ቅልስ ዘይትብል፡ ኣየ’ወ ኣእምሮ።
        ቅጭን ዝተጠልፈት፡ መዓንጣኣ ስየ
        ንኹሉ ትመልኮ፡ ኣብ ዝተፈላለየ
        ናይ ጓል-ዓንዱ፡ ሞትስ ንመን ዘየብከየ።
መርበባት ኩለን ጫዉ-ጫዉ ኢለን
ታሪኽ ቁዉም ነገርኪ፡ ንብዓለሙ ነጊረን
ስእልኺ ተለጢፉ፡ ዝጎደለ የልቦን።
        ንብዓት ከም ዉሕጅ፡ ብኹሉ ዛርዩ
        ናፍቖትኪ በርቲዑዎ፡ ኣምሪሩ በኽዩ
        መን ከይቀስን *ንኣድሓኒቶም* ኣፋንዩ።
መቃልስትኺ እሙናት በዓል *ኤልሳታት*
እርይ ቁጽር ኣቢለን፡ ፍጻሜታትኪ ተኣምራት
ንኹሉ ሓቢረን፡ ወጺኤን ኣብ ቅርዓት።
        መቃልስትኽን ፈትዉትኽን፡ ነዓኺ ከፋንዉ
        ካብ ኩሉ ክፍለ-ዓለም፡ ተኣኻኺቦም እንከለዉ
        በዓልቲ ጽቡቕ ግብሪ፡ ታሪኽኪ ተወርዩ።
ኣብነት ኢኺ፡ ከም *ማርያ ትሪዛ*
ንዉልቀይ ዘይትብሊ፡ ኣብዚሕክዮ እምብዛ
ንኹሉ መርሓባ፡ ዘይትዓጽዊ ገዛ።
        ወጻእተኛታት ፈተዉትኺ፡ ናእዳኦም ቀሪቡ
        ኣብ ቀብሪ ስነ-ስርዓት፡ ብዙሕ ተነቢቡ
        ንብዓለሙ ዝረዳእኪ፡ ምኳንኪ ተመዝጊቡ።
ብማዶ ዝረኣዩ፡ ደረቕ’ያ ክብሉ
ለዋህ ባህርያትኪ፡ ቀሪቦም ዘይኮለሉ
*ጽንዕቲ፡ ኣደ ፍትሒ*፡ መሰታ ዘይብሉ።
        *ንያት*፡ *ኣግኣዚ*፡ *ሳሚ*፡ ብዙሕ ሓዚኖም
        በቲ ለዋህ ምዕዶኺ፡ እምበር’ዮም ዓብዮም
        ህጻናት እንከለዉ፡ ቁምነገርኪ ኣለልዮም።
ይስዩምኺ ነይሮም፡ ፍረንች-ሌዲ
ምዕቡል ባህልኺ፡ ዘመናዊ ቅዲ
ትሕትናን ልቦናን፡ ተጎልቢብክዮ ግዲ።

**ነባሪ ሓወልቲ፡ ዝገበርክዮ ዉዕለት**
**ንደቒ-ኣንስትዮና፡ ኮንኪየን ኣብነት**
**ጻዕዳ ይጽናሕኪ፡ *መሓዛይ ኣድሓነት*።**

**"መሰል ጓል-ኣንስተይቲ ዘይተኸብር ኤርትራ፣**
**ምልእቲ ኤርትራ ክንብላ ኣይንኽእልን ኢና።" ኣድሓነት ዓንዱ**